

# ዕዮ መንፈስ ቅዱስ

## ኣብ ህይወት ኣመንቲ

### ቀዳማይ ቅጽል

መም ተኪኣ መብራህቱ

"ኣነ ከኣ ነቦ ክልምኖ እየ፡፡
ንሱ ድማ ንዘለኣለም ምሳካትኩም
ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኪህበኩም እዩ፡፡
ነቲ መንፈስ ሓቂ፡ ዓለም ዘይትርእዮን
ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፡ ክትቅበሎ
ኣይከኣላን እዩ፡፡
ንስኻትኩም ግና፡ ምሳኻትኩም ይሓድር
ኣባኻትኩምውን ኪነብር እዩ እሞ፡
ትፈልጥዎ ኢኹም"
(ዮሃ 14፡16-17)

"ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት
ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡ ንሕና
ኵላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ክንከውንሲ
ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡
ሓደ መንፈስ ሰቲና"
(1ይ ቈረ 12፡13)

## መንፈስ ቅዱስ

1. ንሓጥኣን ረቲዑ ናብ ኣምላክ ክምለሱ ዝመርሖም፡
2. መሪሑ ድማ ካብ ላዕሊ እተወልዱ ዚገብሮም፡
3. ነቲ ህይወቶም ድማ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ዚገብሮ፡
4. ኣካል ናይቲ ስጋ ክርስቶስ፡ ማለት ማሕበር ኣመንቲ ዝገብሮም፡
5. ድሑናቱ፡ ውሉዱ ምኳኖም፡ማሕተም ርግጽነቶም ንሱ ባዕሉ እዩ ዝህቦም፡፡
6. ጰራቅሊጦስ ኣመንቲ እዩ።
7. መራሒኦም፡ መምህሮም፡ ኣዘካሪኦም እዩ፡፡
8. ኣብ ጸሎት ደጋፊኦም እዩ።
9. ብጸጋታትን ብፍረታትን መንፈስ ቅዱስ ክስስኑ ይድግፎም።

ብተመክሮኣዊ መገዲ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ነፍስወከፍ ኣማንን ኣብ ሕብረትን ተልእኾን ናይቶም ኣመንትን ወሳኒ እዩ። ብዘይ ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ክርስትና ከንቱ ሃይማኖት ኰይኑ እዩ ዚተርፍ።

## 1. ንሓጥኣን ረቲዑ ናብ ኣምላኽ ክምለሱ ዚገብሮም መንፈስ ቅዱስ እዩ።

ብዛዕባ እዚ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ፡ የሱስ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 16፡8 ከምዚ ይብል፡ "ንሱ ምስ መጸ (መንፈስ ቅዱስ) ከኣ፡ ንዓለም ብዛዕባ ሓጢኣትን ብዛዕባ ጽድቅን ብዛዕባ ፍርድን ኪረትዓ እዩ፡፡"

ኣብ ዮሃንስ 6፡44 ድማ "እቲ ዝለኣከኒ ኣቦይ ዝሰሓቦ እንተ ዘይኰይኑ፡ ናባይ ኪመጽእ ዚክእል የልቦን" ይብል፡፡



ዝኾነ ሰብ ሓጢኣቱ ዘለሊ፡ ዝንሳሕ እሞ ናብ ኣምላክ ዝምለስ ብመንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ፡፡ እቲ ሰብ ንባዕሉ ዝወስዶ ስጉምታዊ ግደ እኳ እንተ`ለዎ ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ፈተነ ሰብ ኰይኑ ድኣ ይተርፍ እምበር ፍጻሜ ዘለዎ ኣይከውንን። መንፈስ ቅዱስ ነዚ ከመይ ገይሩ ኣብ ፍጻሜ ከም ዘዋድዶ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኲነ ወጻኢ ካብኡ ተዘንትዩ እንረኽቦ እጹባት ዛንታት ኣለዉና።

ነቲ ሰብ ናብ መድረኽ ንስሓ ንምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ዝፍጽሞም ተግባራት መጽሓፍ ቅዱስ *ምርታዕ ብመንፈስ ቅዱስ* ዚብል ስም ሂቡዎ ኣሎ፡፡ እምብኣርከስ ሓደ ሰብ ምእንቲ ኽመሓር መንፈስ ቅዱስ ክረትዖ ኽሎ ልቡ ምስ ዘየትርር ንረብሕኡ እዩ፡ ንድሕነቱ እዩ። ምርታዕ ማለት ሓደ ሰብ ብዘየጠራጥር መገዲ ኣብ ሓጢኣት ከም ዘሎ ንኽርዳእ ይድግፎ ማለት እዩ።

## 2. ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ተረቲዑ ብሓጢኣቱ ዝንሳሕ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ድማ ዝኣምን፡ መንፈስ ቅዱስ እተለወጠ ሰብ ይገብሮ።

ነዚ ለውጢ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ላዕሊ ምውላድ፡ ካልኣይ ልደት፡ ካብ ሞት ናብ ህይወት ምስጋር . . . ወዘተ ዝብሉ ስማት ይህቦ፡፡

ካብ ላዕሊ ምውላድ ናይ ብሓቂ ክርስትያን ምኳን መጀመርታ እዩ ኪብሃል ይክኣል፡፡ ቅድሚ ካብ ላዕሊ ምውላድ ዘሎ ናይ ሃይማኖት ክርስትና ተመክሮታት ናይ ዝኾነ ሰብ፡ ከምቲ ተጠኒሱ ጌና ዘይተወልደ ሕጻን ክንምስሎ ንኽእል። የሱስ ንኒቆዲሞስ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንነፍስ ወከፍና ዚብሎ ነቕልበሉ። "ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላክ ኪርእያ ዝክእል ከም ዜልቦ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡፡ . . . ካብ ላዕሊ ክትውለዱ ብግዲ እዩ። . . ." (ዮሃ 3፡3-7)

ኲላቶም ካብ ላዕሊ እተወልዱ ተነሲሖም ምስ ኣመኑ፡ ሕድገት ሓጢኣቶም ይረክቡ። ሕድገት ሓጢኣት ረኺቦም ድማ፡ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ይኾኑ፡፡ ነዚ ተመክሮ እዚ ኢና እተለወጡ ሰባት ይኾኑ እንብሎ ዘሎና።

ነፍስ ወከፍ ካብ ላዕሊ እተወልደ ዘበለ፡ በዚ ለውጢ እዚ ተማቓሊ እቲ ኣምላካዊ ባህርይ ይከውን (2ይ ጴጥ 1፡4)፡፡ መመሊሱ ብጸጋ ኣምላክ እናተኰስኰሰ ድማ እቲ ሰብ፡ በቲ ባህርያቱን ጠባያቱን ንክርስቶስ ይመስል (2ይ ቈረ 5፡18)፡፡

## 3. ነቲ ህይወቶም ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ይገብሮ።

መንፈስ ቅዱስ ነቲ ሓጥእ ይረትዖ ማለት ቀዳማይ፡ ናብ ንስሓ ይመርሖ፡፡ ካልኣይ፡ ነዚ እተነስሐን ዝኣመነን ረቲዑ ድማ እተለወጠ ሰብ ይገብሮ፡፡ ንኣምላክ ዘፍቅር፡ መገዲ ሓጢኣት ሓዲጉ ብመገዲ ኣምላክ ዚከይድ ድማ ይገብሮ፡፡ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ካብኡ ዘይፍለ ብጻዩ ድማ ይኾኖ፡፡ ነዚ ተመክሮ ናይ ዘይፍለ ብጻይ ምኳን ናይ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣማኒ ጰራቅሊጦስነት

ናይ መንፈስ ቅዱስ ወይ ድማ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ምኳን ንብሎ፡፡ ከምቲ ሰብኣይን ሰበይትን ቃል ኪዳን ኣሲሮም ብሓንሳእ ኪነብሩ ሓዳሮም ዝወጹ፡ እቲ ጸራቅሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣማኒ ድማ ከምኡ እዩ፡፡

“ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምኳንኩም መንፈስ ኣምላኽ ኣባካትኩም ሓዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ሓደ እኳ ነታ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣማስነ፡ ኣምላኽ ኬማስኖ እዩ፡፡ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ፡ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣውን ንስካትኩም ኢኹም” ይብል ኣብ 1ይ ቀረ 3፡16-17፡፡

## 4. ኣካል ናይቲ ስጋ ክርስቶስ፡ ማለት ማሕበር ኣመንቲ ዝገብሮም።

እቲ እተለወጠን ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነን ኣማኒ ዝረክቦ በረከት ካብ ናይ ግሊ ወይ ናይ ውልቀ-ሰብ ደግነት ንላዕሊ እዩ፡፡ በዚ ለውጢ እዚ እቲ ዝኣመነ ኣካል ብመንፈስ ቅዱስ ናይ ማሕበር ኣመንቲ ይኸውን፡፡ ብዛዕባ እዚ ቅዱዊ ዝኾነ ህያው ጥርናፈ ናይ ኣመንቲ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ቃል ኣምላኽ ብብዙሕ ትምህርትታት ይገልጽ፡፡

ኣብ 2ይ ጴጥሮስ 2፡5 ከምዚ ይብል፡ “ንስካትኩምውን፡ ከም ህያው ኣእማን ኴንኩም . . . ንቕዱስ ክህነት ዚኸውን መንፈሳዊ ቤት ተሃነጹ፡፡” እቲ ነዳቒ ነቲ ኣእማን ከክም ኣድላይነቱ እናሰኸዐ እዩ ህንጻ ዝገብሮ፡፡ እቲ ኣማኒ ድማ ንመንፈስ ቅዱስ ሕራይ በሃሊ ይኸውን፡፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብቲ ማሕበር ኣመንቲ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ ኣብ ዘዘድልዮ እናሰኸዐ ህይወት ዘለዎ ማሕበር ይሃንጽ፡፡ ስለዚ እዩ ጳውሎስ” “ንስካትኩም ህንጻ ኣምላኽ ኢኹም” ዚብል ኣብ 1ይ ቈረ 3፡9፡፡

እቲ ናይ ሓቂ ኣማኒ፡ ብጸጋ ናይ መንፈስ ቅዱስ እተባረኸ፡ ብፍታዉ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ፡ ናይ ግድን ኣካል ናይ ህያው ማሕበር ኣመንቲ እዩ፡፡ ምእንቲ ክስቈረና ድማ ነዚ ሓዲስ ኪዳን ብብዙሕ መረድኢታት እናገበረ ይምህረና፡፡ ከም ኣካላት ሰብ ተሳሚሩ ነቲ ሰብ ህይወትን ጥዕናን ዚህቦ ገይሩ ይምስሎ (1ይ ቈረ 12፡12ን 27ን ኤፌ 1፡23)፡፡ ከም ግራት ኣምላኽ (1ይ ቈረ 3፡9)፡ ከም ህዝቢ ኣምላኽ (1ይ ጴጥ 2፡10)፡ ከም ስድራ ኣምላኽ (ኤፌ 2፡19)፡ ከም ማሕደር ኣምላኽ ዝኾነ ቤተ መቕደስ (ኤፌ 2፡22)፡፡

## 5. ድሑናቱ፡ ውሉዱ ምኳኖም፡ ማሕተም ርግጽነቶም ንሱ ባዕሉ እዩ ዝህቦም፡፡

እቶም ናይ ብሓቂ ኣመንቲ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ሓጢኣቶም ከም እተሓደገሎም፡ መንፈሳውያን ሰባት ኰይኖም ከም እተለወጡ እንታይ እዩ መረጋገጺኡ? መፈለጥታታቱ ብዙሕ እዩ። እቲ ዝዓበየ መፈለጥታ ግና እቲ ምስክር መንፈስ ቅዱስ ዚብሃል እዩ፡፡

እቲ ኣማኒ ናይ ብሓቂ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምዃኑ ዝፈልጠሉ መገድታት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጕጅለታት ንኸፍሎ። እቲ ሓደ እቲ ብተዓዛቢ እውን ዝለለ ለውጥታት ናይ ህይወት ናይ መንፈሳዊ ሰብ ምኳን ንባዕሉ ዓቢ መፈለጥታ እዩ፡፡ ካልኣይ፡ ካብዚታት ኩሉ ዝዓበየ ግና እቲ እተለወጠ ሰብ ባዕሉ ብውሽጡ ዘለልዮን ዚፈልጦን እቲ ናይ ውሽጢ መፈለጥታ እዩ፡፡ ብዛዕባ እዚ ናይ ውሽጢ ምስክር እቲ ኣማኒ ባዕሉ ዝፈልጦ፡ ከምዚ ይብል፡

> “ግናኸ እቲ ብክርስቶስ ገይሩ ምሳካትኩም ዘጽንዓና ዝቐብኣናን እቲ ዝሓተመናን ኣብ ልብናውን ዕርቡን መንፈሱ ዝሃበናን ኣምላኽ ንሱ እዩ” (2ይ ቈረ 1፡21-22)።

ብዛዕባ ርግጽነት ናይ እዚ፡ ኣምላኽ ነቶም እተቐበልዎ ዝህቦም በረከታት ኪዛረብ ከሎ፡ “ኣብ ልብናውን ዕርቡን መንፈሱ ዝሃበና ኣምላኽ” ዚብሎ ዘሎ ነተኾረሉ፡፡ ዕርቡን ናይቲ እትገዝኦ ቀዳማይ ንኡስ ክፍሊት፡ ናይ ዝስዕብ ምሉእ ዋንነት ድማ መረጋገጺ እዩ፡፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ፡ ከም ዕርቡን፡ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ውሉድ ኣምላኽ ኢካ፡ ዝዓበየ በረከት ድማ ኣምላኽ ኣዳልዩልካ ኣሎ እናበለ ናይ ውሽጢ ርግጽነት የሕድረሉ (ኤፌ 4፡30)።

**ውሉድ ኣምላኽ ምኳንና ከኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኰይኑ ዚምስክር**

ኣብ ሮሜ 8፡23 ድማ ንመልከት፡፡ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣማኒ ከም ዕርቡን፡ ከም ማሕተም ናይ መረጋገጺ፡ ከም በኵሪ ፍሬ ናይቲ ዝስዕብ ማእቶት እዩ፡፡

## 6. መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ኣማኒ ብተመክሮታት ጸራቅሊጦስ ናቱ እዩ፡፡

መብዝሕትኡ ጊዜ እቲ ጸራቅሊጦስ ዚብል ቃል ግሪክ ኣብ ትግር ከም መጸናንዒ ተተርጒሙ ኢና እንረክቦ፡፡ መጸናንዒ ግቡእ ትርጒም እኳ እንተ ኰነ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ብዝምልከት፡ ብዛዕባ እቲ ብዙሕ ዝዓምም ቃል ግሪክ ፍንጫሉ ጥራይ እዩ ዚገልጽ፡፡ ብጻይ፡ ተሓላቒ፡ መጸናንዒ፡ መሓዛ፡ ተከላኻሊ፡ ጠበቓ . . . ዘስምዕ ቃል ከኣ እዩ፡፡ ብወገነይ ኣብ ክንዲ መጸናንዒ፡ ብጻይ ወይስ መሓዛ ዚብል ትርጉም ምሓረኹ፡፡

ከምቲ የሱስ ክርስቶስ ምስቶም ቀዳሞት ደቀ-መዛሙርቲ ብጻዮም፡ መሓዝኦም፡ . . . ዝነበረ፡ ካብ መዓልቲ ጸንጢቆስጤ ጀሚሩ፡ ክሳብ ሕጂ፡ ክሳብ የሱስ ክርስቶስ ዚምለስ ድማ፡ ነቶም ኣመንቲ መንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦሶም እዩ፡፡

“ግናኸ እንተ ኸድኩ ኽም ዚሕሸኩም፡ ሓቂ እነግረኩም ኣሎኹ፡ ኣነ እንተ ዘይከድኩስ እቲ መጸናንዒ ናባካትኩም ኣይመጽእን እዩ እሞ፡ እንተ ኸድኩ ግና ንእኡ ክሰደልኩም እየ” (ዮሃ 16፡7)፡፡

“ኣነ ከኣ ነቦ ክልምኖ እየ ንሱ ድማ ንዘለኣለም ምሳካትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኪህበኩም እዩ፡ ነቲ መንፈስ ሓቂ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፡ ክትቕበሎ ኣይኮነላን እዩ፡፡ ንስካትኩም ግና፡ ምሳካትክኩም ይሓድር ኣባካትኩምውን

ኪነብር እዩ እሞ፡ ትፈልጥዎ ኢኩም” (ዮሃ 14፤16-17)፡፡

7. <u>ነቲ ኣማኒ ርግጽነት ምድሓኑ ብዝልዓለ ደረጃ ዘረጋግጸሉ ምስክር መንፈስ ቅዱስ ብውሽጡ እዩ።</u>

እቲ ኣማኒ ሓጢኣቱ ከም እተሓደገሉ፡ ኣምላኽ ይቕረ ከም ዝበለሉ፡ ከም ውሉዱ ከም እተቐበሎ፡ ከመይ ገይሩ እዩ ርግጸ ዝኸውን? መቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጡ ዘሕድረሉ ርግጽነት እዩ፡፡

ጳወሎስ ኣብ መልእኽቱ ንሰብ ሮሜ 8፤14-16 ከምዚ ይብል፡

> “ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኩም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም፡፡ ውሉድ ኣምላኽ ምኳንና ከኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኰይኑ ዚምስክር፡፡”

8. <u>ንኣመንቲ ብጸሎት ዘንፍዓና መንፈስ ቅዱስ እዩ፡፡</u>

ሮሜ 8፤26-27 ዚብለና ንቕልበሉ፡፡ “መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ እዩ፡፡ ከመይ ጌርና ክንጽሊ ከም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና፡፡ እቲ ልቢ ዚምርምር፡ ንሱ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ገይሩ ይልምን እዩ እሞ ነቲ ሓሳብ መንፈስውን እንታይ ምኳኑ ይፈልጦ እዩ፡፡”

እቲ ዝዓበየ ኣሳልጦና ድማ ብመልሲ ናይ ጸሎት ክነሱስ ብጸሎት ዘይምንቃሕና ዘገርምን ዘሕዝንን እዩ፡፡ ኤፌሶን 6፤18 ንጸሎት ክንነቕሕ የዘካኽረና፡፡ ነዚ ብዝምልከት ኣብ ትንቢት ዘካርያስ 12፤10 ድማ ንመልከት፡፡

9. <u>መንፈስ ቅዱስ፡ ነቶም ውሉድ ኣምላኽ፡ ብጸጋታትን ብፍረታትን ክሰስኑ ይድግፎም።</u>

ውሉድ ኣምላኽ ምስ ኰንና ብምውላድ ካብ ላዕሊ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ቀጻሊ ስራሕ ናይ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ህይወት ነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ መንፈሳዊ ምክስኳስ እዩ፡፡ ሽዑ እቲ ጸጋታት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ይስስን፡፡ ብጸጋታቱ ንዓቢ፡፡ ነቲ ዝጽልጸል ዘበለ ይጽልጽሎ፡፡ ነቲ ዝፈሪ ድማ በርኪቱ ምእንቲ ኪፈሪ የበርትዮ (ገላ 5፤16-26፡፡ 2ይ ጴጥ 1፤3-13፡፡ 2ይ ቈረ 3፤18)።